ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
Executive Office

# ኣብ ንቕሎ ኣዴታት ንድሕነት ሃገር ነሓሰ 22, 2019 ብኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቐረበ መደረ !!

ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን፡

- ኣዳለውቲ መደብ ዕዮ ናይዚ ታሪኻዊ መድረኽ'ዚ
- ኣባላትን ኣመራርሓን ንቕሎ ኣዴታት
- ዕዱማት ወከልቲ ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን
- ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ጉዳይ ሃገርኩም ዓዚዝኩም ተግባራዊ ሓድነት ህዝብና ንምርግጋጽ ዝመጻኹም ኩልኹም ኣጋይሽን፣

ኣቐዲመ ብስመይን ብስም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ክብ ዝበለ ሃገራዊ ሰላምታ ኣቕርብ። ኣስዒብ ድማ እዚ ንኣትዎ ዘለና ናይ ዘተ መስርሕ፣ ንሕልሚ ኣዴታት ኤርትራውያን ጋህዲ ንምግባር ዕዉት ናይ ዘተ መስርሕ ኮይኑ ንኽወጽእ ዘለኒ ጽቡቕ ምንዮት እገልጽ። ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ሓርነት፣ ብሓጺር መድረኽ ሰጊርና፣ ህዝብና ካብ ኣደዳ ስደትን፣ ብርሰትን ንምድሓን ሎሚ ብመዓልታት እምበር፣ ብኣዋርሕ ምቕጻር እኳ ንህዝብና ተስፋ ዝህብ ደሃይ ኣይኮነን። ደቀንስትዮ ኣዴታትን፣ ኣሓትን፣ ደቅናን፣ ብሰንኪ'ቲ ጸቕጢ ዝኾነ ባህልታትን፣ ማሕበራዊ ድሕረታትን፣ ብሰንክ'ቲ ምዕሩይ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ዘይምርካብን፣ ብሰንክቲ ኣብ ህንጻት ስድራቤት ዘይኮነስ፣ ኣብ ፋሕ ፋሕ ዝበሉ ደቃተን ምቀኑማት ዝጠፍእ መዓልታዊ ህይወትን፣ ምንዳይ መግቢ-ዕለትን ተጸሚደን ይነብራ ስለ ዘለዋ፡ ተረኣንን፣ ኣበርክቶኣንን ኣብ ፖለቲካ ሃገረ ኤርትራ ኣዝዩ ዝበኾረ ኮይኑ እዩ ጸኒሑን ዘሎን።

ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ኣፈታትሓ ግርጭታት ተበላሓትን ሓቛፍን እምበር፣ ተበኣስን ተራጻምን ኣይኮነን። ናይ ደቀንስትዮ ኤርትራ ኣብ መሰረታትን፣ ኣብ ወሳኒ ናይ ኣመራርሓ ፖለቲካዊ ውድባትን ዘሎ ቦኾራ፣ ኣብ ናይ ጸባሕ ኤርትራ ናይ ማዕርነትን፣ ሰላምን፣ ፍትሕን ምርግጋጽ ዝምዝገብ ዓወት፣ ውሕስነቱ ዘረጋግጽ ትሕዝቶ የብልናን። እዚ ማዕርነት"ዚ ከኣ ብመጀመርያ ብናይ ባዕላተን ቃልስን ተሳትፎን ክረጋገጽ ዘለዎ እምበር፣ ከም ምጽዋት ዝትኮበለን ህያብ ኣይኮነን። ነዚ ንምምዝጋብ ከኣ ምስ ኩሉ ኣካላት ጾታ ሕብረተሰብ ሓቢርካ ብምቅላስ ደኣምበር፣ ካብ ፖለቲካዊ ውድባት ተነጺልካ፣ ብሲቪካዊ ማሕበራት ጌርካ ጥራይ ምቅላስ ኣድማዒ ጌርና ኣይንርእን።

ማሕበራት ደቀንስትዮ፣ ፖለቲካዊ ውድባት ኣባላት ንምርካብ ዝወፍራሉ ማእከል ምንጪ ሰብኣዊ ጸጋታት (Human Resources Center) እምበር፣ ካብ ፖለቲካን ኣመራርሕኡን ዘርሕቖን ደምበ ክኸውን የብሉን። ስለዚ ድማ ኩልኽን ኣባላት ማሕበራት ደቀንስትዮ ኣብ ዝደለኽንኦ ፖለቲካዊ ውድብ ኣቲኽን ተራኽን ክትጻወታ ይግባእ። ሲቪካዊ ማሕበራት ደቀንስትዮ ከኣ መሰልክንን ማዕርነትክንን ንምርግጋጽ፣ እትጥቀማሉ ተወሳኺን ኣገዳስን መቃለሲ ቦታ ግበርኦ፣ ዝበልጽ መልእኽቲ ከነመሓላልፍ እንኽእለና ብወገን ሃገራዊ ባይቶ ዝኾነ ማሕበራትክን ንምድባር ዘደሊ ሓገዛት ንምግባር ቃል ንኣቱ። ፖለቲካዊ ውድባትና እንተኾነ 50%፣ ካብኡ እንተወሓደ ከኣ 25-30% ደቀንስትዮ ክኾና፣ ኣብ ኣመራርሓ ከኣ ብኡ ደረጃ ማዕርነተን ክረጋገጽ ናይ ኩልና ጻዕሪ የድሊ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፣ ንቕሎ ኣዴታትን ካልኦት ዝተፈላለየ ተልእኾታት ዘለወን ማሕበራት ደቀንስትዮን ኤርትራ፣ ብሓባር ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ኮንፈረንስ ጸዊዕክን መሰረት ናይታ ብሕጂ ኣብ ኤርትራ እትህነጽ

ፈላሚት “ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ” “Eritrean Women’s National Union” ክትምስርታ ነተባብዕ። ነዚ ንምግባር ከኣ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ጎድንኽን ደው ብምባል ዘድሊ ምትሕብባር ክንገብር ቃል ንኣቱ።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ባርባራዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ነታ ፈላሚት ሕብረተሰብ ዝኾነት **ሰድራቤት** ብሰላም ዘይነብሩላ፣ ዘዝተወልደ ህጻን ናብታ ኣብ ሳዋ ንናይ መወዳእታ ዘይብሉ ባርነት፣ ጊሎት እተፍሪ መኪና ቀይርዋ'ዩ። ህግደፍ ባህልን ታሪኽን ኤርትራ ደምሲሱ፣ ንዕስራን ሸሞንተን ዓመታት ምስ ናይ ኲሎም ዝሓለፍናዮም፣ ሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘይዳረግ ጭቆና ኣስፊኑ፣ ሃገርን ህዝብን ዘጥፍእ ዘሎ ስርዓት'ዩ። ሎሚ እዚ ከይኣኽሎ ህዝቢ ኣብ ነንንሕድሕዱ ከምዘይተኣማምን ጌሩ ብምብትታን፣ ተመሊሱ ኤርትራን ህዝባን ኣብ ትሕቲ ዳግማይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምጽማድ ናይ ዝንተዕለት ሕልሙ ንምትርጓም “ንስኻ ኢኻ ትምርሓና” ብምባል ልዑላውነት ኤርትራ ብዘይ ውግእ ንጎረቤት ሃገር ከረክብ ዝህቅን ዘሎ ከሓዲ ስርዓትዩ።

እዛ ናይ መሸጣ ሃገር ኣዋጅ'ዚኣ ግን ብኣንጻሩ ህዝብና ናይ ሃገራዊ ስምዒት መርፍእ ወይ ክትባት ዝተወግኣላ መዓልቲ ነበረት። እታ መዓልቲ'ቲኣ ንመላኺ ኢሰያስ ኣፍወርቂ መንነቱ ዘብረሀት፣ ሰንደቕ ዕላማ ሃገራውነት ካብ ክሳዱ ፈቲሓ ዘሕደገት ታሪኻዊት መዓልቲ ነበረት። “ይኣክል” ዋላኳ በብመድረኹን፣ በብግዚኡን፣ እንጥቀመላ ሰውራዊ ጭርሖ እንተነበረት፣ ኣብታ ግዜቲ'ኣ ግን ብውሸጥን ብደገን ህዝብና ብሓባር ጸላኢኡ ከም ብርሃን ቀትሪ ዘለለየላ ብርኽቲ መዓልቲ ኮይና፣ ህዝብና ብሓባር “ይኣክል” ዝበለላ መዓልቲ ነበረት። እወ፣ ይኣክል ንባርነት ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ጥራይ ዘይኮነ፣ ይኣክል ንዘይተወሃሃደ ኣመራርሓ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ፣ ይኣክል ንወገናውን ኣውራጃውን፣ ሃይማኖታውን፣ ግሁድን ስቱርን ወፈራ ምፍልልያት ዝበለላ መዓልቲ'ውን'ያ ኔራ።

እቲ ተሪፉ ዘሎ ይኣክል፣ እዛ ንቕሎ ኣዴታት ኣልዒለንኣ ዘለዋ ሓድነታዊ ኣመራርሓ ደምበ ተቓውሞ እያ። ልክዕ ሓደ ዓመት ይገብር ኣብ ፈስቲቫል ኣትላንታ ነሓሰ 2018፣ ህዝቢ ብሓባር ድሕሪ ሕጂ ብሓደ ሓቢርኩም እምበር፣ በበይንኹም ከም ፖለቲካዊ ውድባት ክይትመጹና ተባሂልና። ውድባት ብሓደ ከም ንእከብ ተጌሩ፣ ሓሙሽተ ዝኸውን ሰዓታት ንበይንና ተኣኪብና ከኣ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ብሓደ ጽላል ተጠርኒፍና ክንሰርሕ ወሲና። ሰዓት 3፡00 ናይ ንግሆ ንህዝብና ናይ ሙዚቃ ግዜኡ ደው ኣቢልና ከኣ ኣበሰርናዮ። ካብኣ ወጺእና ግን ብምልኣት ዘለዎ ሸማግለ እውን ዘይኮነ ብክልተ ሰባት ጥራይ ከም ዝምራሕ ተጌሩ፣ ወርሒ ወርሒ ክንእከብ ተገዲሱ ዝመጽእ ውድባት እናወሓደ ክሳብ ወርሒ ምያዝያ 2019 ቀጺልና። እቲ ኣብ ምቋም ናይ'ቲ ውህደት ዝተሳተፈ ህዝቢ፣ ተመሊሱ ናይ ምቍጽጻርን ምክትታልን መስርሕ ኣይፈጠረን። ከምታ ዝኣተናያ መብጽዓ ብሓደ ከይሰራሕና ከኣ ንቕሎ ኣዴታት ኣርኪባትና ኣብ ፍራንክፈርት ንርከብ። ሕጂኸ እንታይ ዓይነት መብጽዓ፣ እንታ ዓይነት ናይ ምቁጽጻርን ምክትታልን መስርሕ ሰሪዕና ኾን ንወጽእ ንኸውን?

ብወገን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ፣ ብፖለቲካዊ ቻርተርን ሕገ-ህንጻን ዝተሰነየ፣ ብመጽናዕቲ ዝተሰርዐ ሰነድ ኣሎና። ኣብ ሸሞንተ ዓመታት ተመኩሮ ባይቶና ናይ ፍልልያትና ናይ ምምሕዳር ብኸሪት እምበር፣ ናይ ትሕዝቶ ሰነድ ሕጽረት ኣየጋጠመናን። ሃገራዊ ባይቶ ካብ ተመኩሮኡ ተማሂሩ ብሓድሽ ኣመራርሓ ንቕድሚት ክግስግስ ተበጊሱ'ሎ። እተን ክልተ ሰነዳት ኩልኹም መታን ሓቲምኩም ከተንብብወን፣ ብትግርኛን ዓረብኛን ኣብ ኩለን መራኸቢ ብዙሓን ተዘርጊሐን ኣለዋ። መዛተዪ ሰነዳትና ከኣ ንሳተን እየን።

እዚ ዘለና ቻርተር ካብዛ ዘለናያ መዓልቲ ንቕሎ ኣዴታት ክሳብ ኣብ ኤርትራ ብዲሞክራስያዊ መንገዲ ዝተመምርጸ መንግስቲ ዝቐውም ንምርሓሉ “ሓባሪ መንገዲ” (Road Map) ዘለዎ ትካልዩ። እዚ ቻርተርዚ

*እንደገና እንተላይ ካብ ባይቶ ወጻኢ ዝነበራ ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን፣ ፈላጣትን ወሲኽን ክዝትያሉ ድሉዋት ኢና። ንህዝብና ብሓባር ክንኣሊ፣ ንዓለም ብሓደ ድምጺ ክንዛረብ፣ ነቲ ስርዓት ከኣ፡- ሕጅስ ኩልና ተዛቲና ብሓባር ዝተሰማማዕናሉ ሰነድ ጌርና ኢና ኢልና ክነባህርሮ ግዱዳት ኢና።*

*ነንበይንና ብዘራኽቡና 2-3 ነገራት እናሰራሕና፣ ጉድኒ ንጎድኒ ብፓራለል ዘይራኽብ መስመራት ክንከይድ ግን ንህዝብና ዘዐውት ጌርና ኣይንርእዮን። ህዝቢ ኤርትራ ተመኩሮ 30 ዓመታት ናይ ስምረት ምትላል መስርሕን፣ ውግእ ሓድሕድን፣ ሃገራዊ ሓይሊ ግሒጥካ ንስደት ምብራርን ተመኩሮ ሓሊፉ፣ ንዕኡ ዝመስል ተጣራጣርን ተናጻግን ናይ ምውድዳር መስርሕ ክንከይድ ተመራጺ ጌርና ኣይንርእዮን። ኣብዚ መዓልት'ዚ ንቕሎ ኣዴታት ምእንቲ ነጻነታን ልዑላውነታን ትስረቕ ዘላ ሃገር፣ ምእንተ ብስደት ዝጸንት ዘሎ ህዝብናን፣ ብሓደ ኮፍ ኢልና ንምክር ንብል ኣሎና። ነዚ ንምዕዋት ከኣ፣ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ኩለን ፖለቲካዊ ውድባት ተራኺበን እቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ጀሚረንኦ ዝነበራ ዘተ ክሓድስኦ ንጽውዕ።*

*እብ ርእሲኡ ከኣ ኩለን ዝተመሳሰለ ተልእኾ/ምሸን ዘለወን በርጌሳዊ ማሕበራትውን እንተኾነ ተመሳሳሊ መኣዲ ዘተታት ብምኽፋት ምስ ፖለቲካዊ ውድባት ብሓባር ጸላኢ ዝምክታሉ መድረኽ/ፕላትፎርም ክምስርታ ንጽውዕ። ናይ ተቓውሞ ውድባት፣ ፍልልያተን ኣጻቢበን፣ መትከላዊ ሓድነት ዘለወን ውድባት ክሰምራ፣ ዝሰመራ ውድባት ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ክጠራነፋ፣ ብእኡ ተማእኪለን ከኣ ዝሰርሓሉ ሓባራዊ ኣመራርሓ ንምህናጽ ኣማራጺ ዘይብሉ ጠለብ ህዝብና ብተግባር ከነሰንዮ እናተላቦና መልእኽትና ንዓጹ።*

*ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!*
*ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ተሓባበርቱን!*
*ኤርትራ ብነጻነታ ንዘለኣለም ትንበር!*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ*
*ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት*

*ነሓሰ 23, 2019*
*ፍራንክፈርት፣ ሃገረ ጀርመን*